ERI-PLATFORM
Enlighten, Engage, Unite

ኤሪ-ፕላትፎርም
ኣብርህ ፡ ኣሳትፍ ፡ ኣስምር

20.12.2019

# ኣቓልቦን ልቦናዊ እልያን ዘድልዮ ተረኽቦታት

እቲ ኣብ 2 ታሕሳስ 201 ኣብ እስራኤል ፡ ዚተፈጸመ መቕተልቲ ናይ ኣቦ ሰለስተ ቈልዑ ወዲ 35 ዓመት ንጹህ መንእሰይ ኪሮስ ተስፋሚካኣል ባርያጋብርን መቑሰልቲ ዲያቆን ኣልኣዛርን ንኹሉ ደላይ ፍትሕን ሃገራውን ኤርትራዊ ኣዝዩ ዘሕዝን ፍጻሜታት ኢዩ ። እቲ ቀቅድሚኡ ኣብ 26 ሕዳር 2019 ኣብ ላንደን ፡ ዓባይ ብሪጣንያ ፡ ኣብ ልዕሊ ኣማኑኤል ኢያሱ ፡ መስራቲ ትካል ኣሰና ፡ ዚተፈጸመ እከይ መጥቃዕቲ ካልእ ንኹሉ ደላይ ፍትሕን ሃገራውን ኣዝዩ ዘሕዝን ፍጻሜ ኢዩ ።

ነቲ ህይወት ንጹህ መንእሰይ ኪሮስ ዘጥፍአ ገበነኛ መቕተልቲ ፡ ነቲ ከቢድ መቑሰልቲ ንጹህ ዲያቆን ኣልኣዛር ዘስዓበ ገበነኛ ፈተነ ቅትለት ኰነ ነቲ ኣብ ልዕሊ ጋዜጠኛ ኣማኑኤል ዚወረደ ገበነኛ መጥቃዕቲ እንቋቑሖ ፡ ኵሉ ኤርትራዊ ኰነ በዓል ሰናይ ድሌት ብጥብቂ ኪኹንኖ ይግባእ ። ብመንጽር'ቲ ዘይንፈግ ሰብኣዊ መሰል ንህይወት ኰነ ናጽነት ምግላጽ ሓሳባት ፡ እቶም ገበነኛታት ኣብ ሕጊ ኪቐርቡ ፣ እቶም ግዳያት ድማ ብፍትሒ ኪድበሱ ይግባእ ። ብቐንዱ ድማ ፡ ኵሉ ኤርትራዊ ንሓደገኛ ሳዕቤናት ናይ ከምዚ ዓይነት ገበናዊ ተግባራት ብግቡእ ኣቓልቦ መዚኑ ፡ መታን ከይድገም ብስሙር ድምጺ ኪቃወም ከም ዚግባእ ፣ ነቲ ሕልናኡ ሸይጡ ወይ ተደሊሉ ኣብ ከምዚ ዚኣመሰለ ገበናዊ ተግባራት ዚዋፈር መኣዝኑ ንምትዕርራይ ኪጽዕር ከቢድ ሓላፍነት ከም ዘለዎ ነተሓሳስብ ።

ኣብዚ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ኣርዑት ጭቈና ህግደፍ ንምንጋፍ ሃንቀው ዚብለሉ ዘሎ እዋን ፣ እቲ ኣብ ደገፍቲ ስርዓት ህግደፍ ፡ ብሓደ ወገን ፡ ኣብ መሳርዕ ደለይቲ ፍትሒ ኣብ ገለ 'ተቓለስቲ ኢና' በሃልቲ ፡ በቲ ካልእ ፡ ዚኽሰት ዘሎ ዘይሓላፍነታዊ ገበናዊ ተግባራት ጌና ከይሳዕረረ እንከሎ ብቕልጡፍ ኪእለ ይግባእ ። ኵሉ ደላይ ፍትሒ ነቲ ዚተፈጸመ ገበናዊ ተግባራት ይኹን ነቲ ምስኡ ተተሓሒዙ ዚንዛሕ ጽዩፍ ናይ ጽልኢ ዘረባታት ብትብዓት ኪቃወም ፣ ነቶም ፍትሒ ኪትግበር ዚጽዕሩ ኬሞግስን ኪድግፍን ፣ ኣብቲ እቶም ገበናት ሕጋዊ መዕለቢ ኪረኽቡ ፡ ኣብ መጻኢ ተመሳሰልቲ ገበናት ንኸይድገሙ ዚካየድ ጻዕሪ ንጡፍ ኣበርክቶ ኪገብር ፣ ዘለዎ ዓቢ ግዴታ ኪፍጽም ነዘኻኽር ።

ኣብ መደምደምታ ፡ ነቲ ገበናዊ ፍጻሜታት ብትሪ ብምኹናን ፤ ንመንእሰይ ኪሮስ መንግስተ ሰማይ የዋርሶ ፣ ንስድራቤቱ ጽንዓት ይሃብኩም ፣ ንዲያቆን ኣልኣዛር ቅልጡፍን ምሉእን ምሕረት የውርደሉ ፣ ንኣማኑኤል ድማ 'እንቋዕ ካብ ዝያዳ ማህሰይቲ ኣምለጥካ' ንብል ።

ጋንታ ኤሪ-ፕላትፎርም
20 ታሕሳስ 2019